# ግዜ ትጽቢት ንመልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባኻ

## ክሳዕ መዓስ ክትጽበ ኣለካ፧

ገሊኦም ዑቕባ ምስ ሓተቱ መልሲ ኣብ ውሽጢ 21 ምዓልታት ይወሃቦም። ብዙሓት ካብዚ ንላዕሊ ክጽበዩ ዝግደዱ ኣለው።

መብዛሕቲኦም ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ውሽጢ 10 ኣዋርሕ ድሕሪ ዑቕባ ምሕታቶም ኢዮም ቃለመሕተት ዝካየደሎም፡ ሓጺር ግዜ ድሕሪ እቲ ቃለመሕተት ምክያዶም ድማ መልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባኦም ይወሃቦም።

ቃለመሕተት ኣብ ውሽጢ 21 ምዓልታት እንተዘይተኻዪድልካ፡ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ንቃለመሕተት ይጽውዑኻ ኢዮም። ክሳዕ ምዓስ ክትጽበ ከም ምዃንካ ድማ መስርዕ ብዝሒ እንርእዮም ጉዳያት ኢዩ ዝውስኖ።

ቃለመሕተት ንምክያድ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ብቐዳምነት ዝሰርሖም እቶም ኣብ ኖርወይ ኣቐዲሞም ፍቓድ መንበሪ ዘይጸንሖም ሓተትቲ ዑቕባ ኢዮም፡ ከም ንኣብነት ንኖርወይ ብዳግመ ስድራቤታዊ ጥርናፈ ዝመጻእካ ምስ እትኾውን፡ ካብቶም ኣቐዲሞም ፍቓድ መንበሪ ዘይጸንሖም ንውሕ ዝበለ ግዜ ንክትጽበ ትግደድ ማለት'ዩ።

## ቃለመሕተት ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ተኻዪዱልካ፡ መልሲ ግና ኣይመጽኣካን፧

ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ ንመልሲ ነዊሕ እንተድኣ ተጸቢኻ፡ ኣብቶም ዝበዝሑ ኣጋጣሚታት ተወሳኺ ምምጽራያት ከነካይድ ስለ እንግደድ ከም ምዃኑ ነተሓሳስብ። ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ መልሲ ንክመጽኣካ ክሳዕ መዓስ ክትጽበ ከም ዘለካ ንክንሕብረካ ኣሸጋሪ ዝኾነና። ካባኻ ዝያዳ ሓበሬታታት ዘድልየና እንተድኣ ኰይኑ ክንውከሰካ ኢና።

## ዘቕረብካዮ ጥርዓን ኣሎ ድዩ፧

ጉዳያት ጥርዓን ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ተራእዩ መልሲ ንክወሃበሉ ዘሎ ግዜ ትጽቢት ከም ንቡር ሓደ ወርሒ እዩ። እንተድኣ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ነቲ ጉዳይ ጥርዓንካ ንUtlendingsnemda/ንሽማግለ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ተቐበልቲ ይግባይ (UNE) ኣመሓላሊፎሞ ከም ዝተመሓላለፈ ትሕበር ኢኻ፡ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ኣብ une.no/ventetider ብምእታው ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ዘየረከብካዮ ስነዳት ኣለካ ድ'ዩ፧

ኣብ udi.no/dokasyl ብምእታው ዘለካ ሰነዳት ብኸመይ ከተረክቦ ከም እትኽእል ዝብል ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

---